# ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰለሙን

## <u>ድፋዓት ናቕፋ ታሪኽ ሓበን ህዝብን ተጋደልትን ኤርትራ ክትከውን ዝገበረ ጅግና</u>

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ድነ ጸልማት ጩራ ናጽነት ዘቋመተ፡ ጭልምልም ትብል ዝነበረት ቁልዒ ኣንበድቢዱ ናብ ምሉእ ብርሃን ዝቀየረ ታኣምራዊ ህዘቢ እዩ። ንህዝቢ ኤርትራ መሪሑም ንትምኒቱ ህያው ዝገበሩ ደቂ ህዝቢ ሓርበኛታት ምጽብጻብ ከም ንወቅያኖስ ኣብ ፌስቶ ምዕራቕ ክኸውን ስለዝኮነ ኣብዚ ዘሎና ሓጺር ግዜ ብዛዕብኡ ክንዛረብ ኣይመረጽናን። ህልዋት፡ ስዉኣት፡ ስንኩላን፡ ብዘይፍትሒ ዝተቀየዱን ድማ ይርከብዎም።

ወርሒ መስከረም ክትዝከር ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እዩ ዝዘከር ዝነበረ ቅድሚ ሕጂ። ተካል ዕድል ኸውይኑ ግን ካብ 18 መስከረም 2001 ኣትሒዝና ብዝተፈራረቅ ስሚዒት ከነብዕላ ንግደድ ኣሎና። እወ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይተጸበዮን ዘይሓሰቦን 11 ላዕለዎት ሓለፍትን ሓርበኛታትን፡ ልዕሊ 10 ጋዜጠኛታት ብዘይዝኾነ ዓይነት ክሲ ብለይቲ ካብ ማሙቅ ገዛውቶም ተለቂሞም፡ ስጋብ ሕጂ ክሲ ኣይቀረቦም፡ ገበኖም ኣይፍለጥ፡ ኣበይ ከምዘለዉ ኣይፍለጥ ተሸሪቦም ይርከቡ። ድሮ ገለ ካብኣቶም ኣብ መደብና ተኸታቲልክምዎ ኣለኩም። ኣብ ናይ ሎሚ መደብና ብዛዕባ እቲ ህቡብ፡ ጅግና ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን "ወዲ ሰሎሙን" ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና።

ኣብ 2001 ዝነበረ ተስፋ ዲሞክራሲን ውዕዉዕ ክትዓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርንዓትን ኣብ ብሕቲ ጋዜጣታት ዝወጽእ ዝነበረ ጽሑፋት ንዝተኸታተለ ምስ ህልው ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ምስዘነጻጽሮ፡ ደሞክራሲ ሞይታ ኣብ ደልሃመት ኣትያ ከምዘላ ዝዝንግዮ ኣይመስለናን። እቲ ምንታይ ጋዜጣታት፡ ብሕቲ ሓሳባት ብዙሓት ዜጋታት የአንግዳ፡ ፍልልይ ናይ ኣራኣእያ መራሕቲ መንግስቲን ብንጹር ጆባእ ይብላ፡ ህዝቢ ድማ ብነጻ ሓሳባቱ ይገልጽ ነበረ። ከምዚ ሕጂ ዘይኮነ ሓዳስ ኤርትራ ኣልቡም ኣቶ ኢሰያስ ከይተቀየረት ከላ። እወ ህላወነት ኤርትራ ኣብ ሓደ ተጋዳላይ - ነበር ናይ ሕጂ ወለቀ - መላኪ ከይተሓጽረ ከሎ። እወ እቶም ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ደወ ኢሎም ከለዉ።

ነዚ መድረኽ ምልስ ኢልካ ክትጅምር ከሎኻ፡ ወዲ ሰሎሙን ክትዝክር ከሎካን ኣብ ቅድሚ ዓይንካ ዝስኣሉካ ነገራት ኣለዉ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፡ ኣባላት ጋዜጣ ትርግታ እዮም። እዞም ሰባት "ወዲ ሓጂ" ዝብል ናይ ብርዒ ስም ብምጥቃም፡ ፊተፊት ምስቲ በቶም ኣባላት ጉጅለ 15 ዘልዕልዎ ዘነበሩ ሕቶታት ክገጥሙ ሰለ ዘይክእሉ፡ ኣብ ሕሱር ፕሮፖጋንዳን፡ ዘየድልን ስምጥፋእን ተዋፉሮም ኔሮም። ገለ ካብቶም ኣብቲ ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ተዋፊሮም ዝነበሩ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ መሐዲን ሸንገብ፡ ዓሊ ዓብዱን፡ ሰሎሙን ድራርን ሙኳኖም ናይቲ እዋን ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ገለ ካብኦም፡ ሃዲሞም ዑቅባ ሓቲቶም ብሰላም ይነብሩ ኣለዉ፡ ብደም እዞም ደቂ ህዝቢ ዝሕተትሉ እዋን እንዳቀረበ ሙኳኑ ክዝንጋዕ ዘይግብኦ ሓቂ እዩ።

"ወዲ ሰሎሙን" ናይ ሲኣኤን መንግስቲ ጥልያንን መሳርሒ እዩ፡ መንግስቲ ክግልብጥ ሓሊኑ፡ ገዛ እንዳ-ዓሎብኡ ግብሪ ከየከፈለ መሊስዎ ዝብልን ካልእን ሰሚዕና። ስጋብ እዛ ዕለት እዚኣ ግን ካልእስ ይትረፍ ነታ ዝቀለለት ክሲ ግብሪ ናይ ዘይምክፋል ክስውን ኣይቀረበሉን። "ወዲ ሰሎምን" ብሓቂ መንግስቲ ክግልብጥ ደልዩ ዶስ ወይ ዝንኡ ዘፍርሖ ኣቶ እሰያስ ካብ ኣብ ሓቂ ዝገጥሞ ብጓል መንገዲ ተሞኽልዩ ናይ ሓሶት ክሲ ኣቅሪቡሉ? ንነብስና ንሕተት። "ወዲ ሰሎምን" ነቲ ብ ኣቶ ኢሰያስ ዝተፈጸመ ወተሃደራዊ ጌጋታት ተጠቂሙ፡ ቁጠዐ ህዝቢ ኣሰንዩ፡ ናይ ሰለያዊ ዓቅሙ ኣዋዲዱ ኣበየናይ ቦታን ስዓትን ይገብሮ ይጠፍኦ እዩ ኢሉ ዝሓስብ ሰብ፡ ታሪክን ተሞክሮ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን ዝዘንገዐ የዋህ ጥራይ እዩ። ንሙኳኑ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን መን'ዩ?

ተጋዳላይ ጴጥሮስ ኣብ 1971 ንክጋደል ብሶማል ጌሩ ናብ ሜዳ ኤርትራ እንዳተጓዓዘ፡ ኣብ ሶማል ተታሒዙ ንሓደ ዓመት ደሕሪ ምእሳር ኣብ 1972 ክልተን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተሰለፈ ገዲም ተጋዳላይ እዩ። ካብ ዝሰለፍ ካብ ተራ ኣባል ክሳብ ሓለቃ ስታፍ ህግሓኤ ኮይኑ ዘገልገለ ተባዕተ ጋዳላይ እዩ። “ወዲ ሰለሙን” ብዝነበሮ ምቕሉለትን፡ ብጻያዊ ሓልዮትን ተወፋይነትን፡ ብቅዓትን ኣብ ልቢ ኩሎም ተጋደልቲ ብጾቱ ፍሉይ ቦታ ዝውሃቦ ተጋዳላይ እዩ። ወተሃደራዊ ብቅዓት ስለዝተወሰኾ ድማ'ዩ ኣብ 1977 ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ዝተመርጸ። ሓላፊ ክፍሊ ስለያን ምልክትን ኮይኑ ድማ ኣገልጊሉ። ክፍሊ ስለያን ምልክትን  ክልዓለ እምባኣር ኣበርክትኡን ልዑል ተርኡን ኣብቲ ክፍሊ ወዲ ሰሎሙን ብቐዳምነት'ዩ ዝስራዕ እዩ። ተጋዳላይ ጴጥሮስ ኣብ ምፍሻል ወራራት፡ ጽንኹር እዋን ምዝላቅን ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኮይኑ ዘገልገለ፡ ሙኩር ወተሃደራዊ ኣዛዚ እዩ።
“ወዲ ሰሎሙን” ኣብ ክፍሊ ስለያ ሓድሽ ስለጠናታት ክምዝታኣታቶ ብምግባርን ዓቅሚ-ሰብ ክብ ብምባል፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምክልካልን፡ ምጥቃዕን ተበግሶ ምውሳድን ዘክእሎ ዓቅሚ ክብ ንክብል ዝገበረ ወተሃደራዊ ሓላፊ እዩ።
ክፍሊ ወተሃደራዊ ስለያ ደረጅኡ ጸብለል ብምባል ናጸነት ንክቀላጠፍ ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ክምዝጻወት ዘገበሩ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙንን ብጾቱን እዮም። ዝተባሃለ ይብሃል ዝተ ኣልመ ሓሶት ይተኣለም ጴጥሮስ ሰሎሙን እቲ ጅግና ኣርሓ ጀጋኑ ኮይኑ ሓወልቲ ኣብ ሕምብርቲ ኤርትራ ክስርሓሉ 'ዩ።
ኣብ 1978 ግዜ ምዝላቕ ኣብቲ ዓለም ሰውራ ኤርትራ ኣክቲሙ ዝብሃለሉ ምትእትታው ሶቬት ሓይልሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ መንጎ ከረንን ኣቁርደትን፡ ቀጺልውን ኣብ መንጎ ከረንን ኣፍዓበትን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ናቕፋ ናይ ዝተመስረተ፡ ወተሃደራዊ ግንባር ኣዛዚ ብሙኻን ተዋጊኡን ኣዋጊኡን። ቅያ ወዲ ሰሎሙን እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ካብ 1979 ክሳብ ኣጋ መወዳእታ1983፡ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሻድሻይ ወራራት ደርግ፡ ከምኡ'ውን ሰላሕታ ወራር ኣብ ምፍሻል ኣብ ማእከላይ ግንባር ኣብ ናቅፋ ኮይኑ ከይሰልከየ ካብ ግንባር ናብ ግንባር ዝተዋገአን ዘዋገአን ጅግና እዩ። ብፍላይ ግንባር ናቕፋ፡ ምልክት ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ተጋዳላይን ንክትከውን ካብ ዘብቅዕዋ ብሱሉን ጽፉፍን ውሕሉል ኣመራርሓን  ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎምን “ወዲ ሰሎምን” ሙኻኑ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዝፈልጦ እዩ። ነዚ ሓቂ ዚ ንምህሳስ ዶ ይኸውን ማዕከናት ዜና ኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ኣብ ጽንብል ባዓላ ናጽነት፡ ሓየት ናቅፋ፡ ኣንበሳ ሻድሻይ ወራር ተባሂሉ ከምቲ ዓስራይ ኣበዮታዊ ባዓል ስርዓት ደርግ ዳንኪራ ዝተደሰቀ። እቲ ሓቀኛ ታሪክ ግን የንጎድጉድን ይነብሕን ኣሎ።

ታሪኽ “ወዲ ሰሌ” (ብኣጸዋውዓ መንእሰያት) ኣብዚ ኣየብቀዐን፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝሃበ ምሕራር ከተማታት ተሰነይን ባረንቱን እውን  ላዕለዋይ ሓላፊ ኮይኑ ተዋጊኡ እዩ። ኣብ 1987 ንካልኣይ ግዜ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ድሕሪ ምምዳቡውን ሓላፊ ኽፍሊ ጸጥታ ብሙኻን፡ ኣገደስቲ ስትራተጂካዊ ስርሓት ሰሪሑ። ኣብቲ ንመላእ ኤርትራ ንምሕራር ብህዝባ ግንባር ዝውሰድ ዘነበረ ወተሃደራዊ ስሪሒታት ብትብዓት ተሳቲፉዩ።
ድሕሪ ምሕራር መላእ ኤርትራን ምርግጋጽ ናጽነትን፡ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን ክሳብ 1994 መጀመርታ ከም ጻሓፊ-ክፍሊ-ምክልካል ድሓሪኡ ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣቶ ኢሰያስ ስልጣኑ ንምጥጣሕ ሓድሽ መስርሕ ተታሓሒዝዎ ስለዝነበረን ኣብ መንግኡን መንጎ ጴጥሮስ ሰሎምን ክፍጠር ዝጀመረ ናይ ስነ-ሓሳባት ፍልልያት፡ ህዝብን ማዕከናት ዜና ዓለም ንተጋዳላይ ጴጥሮስ ከም ካልኣይ ሓያል ሰብ ክዛረባሉ ከምዝጀመረን ሰለ ዝተገንዘበን ንቀንዲ ማሓውር እዚ ዝና እንዳረኸበ ዝኸይድ ዝነበረ ተጋዳላይ ዝረኸበ መሲልዊ ነቲ ብ እንዳ 72 ዝፍለጥ ክፍሊ ስለያ ፋሕ፡ ፋሕ ኣቢልዎ። ወጺኢት ናይዚ ድማ ኣብ ዶባዊ ግርጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጎሊሑ ተራእዩ።
ድሕሪ 3ይ ወድባዊ ጉባኤ ካብ ሚኒስተር ምክልኻል ናብ ሚኒስተር ወጻኢ-ጉዳያት ተቐይሩ ንሰልስተ ዓመት ኣገልጊሉ። ኣብ ግርጭት ደሴታት ሓንሽን፡ ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ዓቢ ተራ

ተጻዊቱ። ኣብ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ደሴታት ሓንሽ፡ እሞ ድማ ኩናት ክግበር ከሎ ብዘይ ኣፍልጦኡ ስለዝተገብረ ከምዝተቃወመን፡ ብሲሪ ‘ዚ ድማ’ዩ ካብ ዝልዓለ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምእላዩን፡ ካብ ዓይኒ ዓለምን ህዝብን ንምኽዋሉ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ዝተቀየረ።

ወዲ ሰሎምን ግን ክንደይ ጸንኩር እዋናት ዝመከተ ጅግና ፡ ነዚ ጦርቃሽ ናይ ስነ-ኣእምሮ ኩናት ኣቶ ኢሰያስ ከይተተንከፈ ንሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ካብቲ ዝነበሮ ደረጃ ክብ ንምባል ዘይተሓለለ ጻዕሪ ኣካየዱ። ነዚ ንምርምርማር ፡ሲ ዋተር ፋርም ምዕዛብ ጥራይ እኩል መረዳእታ እዩ። ኣብ ሚኒስትሪ ሃብቲ-ዓሳ ዝነበረ ኣተኣላልያ ሰራሕተኛታት ካብ ኩለን ሚኒስትርታት ፍልይ ዝበለ ምንባሩ ኣብቲ ስራሕ ብኣካል ዘለዉን ዝነበሩን ዝምስክሩሉ ሐቂ እዩ። ወዲ ሰሎሙን ነቲ “ስልጣን ይኩን ካልእ ነገራት ናብ ሓድሽ ወለዶ ክሰጋገር ኣለዎ  ዝብል መርገጺኡ ንቀልዓለም ዘይኮነ ብተግባር ዝሰርሒሉን ዋጋ ከፊልሉን እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ሓለፍቲ ፕሮጀክትታት ሃብቲ ዓሳ ኣብ እዋን ወዲ ሰሎሙን ምውካስ እኩል መርትዖ ክኸውን ይኽእል’ዩ።

ኣብቲ ሓደኳ ካብ  ሚኒስተራት ከይፈለጦ ዝካየድ ዝነበረ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ፡ ወዲ ሰሎሙን ከም ኣማኻሪ ኮይኑ ክሰርሕ ተመዚዙ ኔሩ። እንተኮነ ግን እቲ ድሮ ምልኺ ሳዕሪርዎ፡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ክእለቱ፡ ብቅዓቱን ዝዘቅበበ ርድኢት ከሕድር ዝጀመረ፡ ንነብሱ ከም መድሃኒ-ኤርትራ ክቆጽራ ጀሚሩ ዝነበረ ኣቶ ኢሰያስ ዘርእዩ ዝነበረ ምትእትታው ካብቲ ስራሕ ተኣልዩ። እቲ ጉዳይ ካብ ክቱር ናእዳ ምድላይን፡ ኣነ እንድየ ንወያነ ሲዒረ ናይ ምባል ድልየትን አቶ ኢሳያስ ዝተላዕለ ምንባሩ ድማ ነቲ ጉዳይ ዝፈልጡ ይገልጹ ። እወ ፍርሒ አቶ ኢሰያስ አብዚ መድረኽ  ጀጋኑ ከይስርሖ’ዩ። እዚ ዝእምቶ ከአ አቶ ኢሰያስ ህዝብን ደቂ ህዝብን ዘይግድሶ፡ ስልጣኑ ምዕቃብ እንበር ካልእ ዘገድሶ ነገር ከምዝይለ ዘርእይ ፍጻመ’ዩ።

እዚ ምስተ ዓዘበ ድማዩ ጴጥሮስ ምስ ብጾቱ ብምምካር፡ እታ ሂዎቱን ዕድሚኡን ዝወፈየላ ሃገር ብዕብዳን ሓደ ውለቀ-መላኺ ኣብ ሓደጋ ክትወድቅ ስለዘይብላ፡ ካብ ስምዒታዊ ስጉምትታት ንነብሱን ብጾቱን ብምእላይ፡ ብምዐብሉን ሓላፍነታዊን ኣገባብ ነቲ ገድብ ኣልቦ-ስልጣኑ ተጠቂሙ ዝሃልል ዘነበረ መራሒን፡ ንመጻኢ ካልኣይ ግዜ ከምዝዓይነት ክስተት ንከይድገምን ሉጋም ንምለሰሉ ዝበለ። እቲ ሉጋም  ስርዓተ ሕግን ምትግባር እቲ 1997 ብህዝቢ ዝጸደቀን ቅዋም እዩ። እሞ ንተግብሮ ዝበለ። ህዝቢ  ወሳኒ ዕድሉ ንክኸውን ጠሊቡ። እዚ ስለዝጠለበ ድማ ኣብ ጎዳጉዲ ተዳጉኑ ይርከብ፡ ወይ ወን ኣብ በረካታት ኤርትራ ከም ዋጋ ዘይብሉ ሰብ እምኒ ጸቂጥዎ ይህሉ።ዝፈልጥ የለን። እዚ ከይኣክል ደቃ ክትሕብሕብን ክትኣልን ዝመጸት ባዓልቲ-ቤቱ ደቃ ከይርኣየት ኣበይ ከምዝኣተወት ከይተፈልጠ ንሳውን ተጨውያ። ኣርባዕተ ደቂ ዞም ሓርበኛታት ድማ ዘኽቲሞም። ንሶም ጥራይ ኣይኮኑን ዘክቲሞም፡ ህዝቢ ‘ውን ዘክቲሙ እዩ። ህዝቢ ብምስቃጡን ዘረባ ሐደ ሰሚዑ ምፍራዱን ምስ ገበነኛታት ወጊኑዩ። ጴጥሮሱን ብጾቱን ኣይኮኑን ኣብ ሞቅሕ ኣትዩም ዘለዉ፡ እንታይ ዳኣ ንሕና እምበር።
ተጋዳይ ጴጥሮስ፡ ብሰራሕተኛታት ሃብቲ ዓሳን ገፊፍቲ ዓሳን ዝተገብረሉ ናይ መፋነዊ ባዕሉ ነዚ ሓቂ ዶርጊሕዎ እዩ “ ንሕና እቲ ቁንዕ እንብሎ ሓሳባት ኣቅሪብና ኣሎና፡ እቲ ታሪክ ዝሓተና ጌርና እጃምና ፈጺምና ኣሎና፡ ካብዚ ንንየው ግን ናትኩም ናይ ህዘብን ናይ ሓድሽ ወለዶን ሓላፍነትዩ” ምስበለ ኣብቲ ገዛ ዝነበረ ጣቂዕት ካብቶም ኣብቲ እዋን ኣብቲ ባዓል ዝነበሩ ዘይሕኽክ ዝክሪ እዩ። እሞ ሎሚ ክም ህዝቢ እዚ ሓደራ’ዚ ይኩሕኩሓና ኣሎ።

ድምጺ መሰልና ደሊና!!!